ኣብ ከተማ ኣትላንታ ጆርጅያ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ምድላው ክግበርሉ ዝጸንሐ ምዝንጋዕ ናይ ካብ ሃገረ ኤርትራ ዝመጹ ወናማት ተለሃይትን ምስ ሓደ ልብና ባንድ ኣብ ኣመሪካ ዝቕመጡ ሙዚቐኛታትን ብቀዳም ምሸት ዕለት 5 ጥቅምቲ (October) 2013 ብድሙቕ ሃገራዊነትካ ዘነቓንቕን ሓድነትካን ዘደላድል ተፈጺሙ።

እዚ መደብዚ በቶም ዉርያት ሰነ-ጥበባዊያን ሃገርና ዘይነብ በሽር፡ ዮውሃንስ ትካቦ፡ ከምኡዉን ዳዊት ተኽለሰንበት (ሽላን) ተሰንዩ ጥዕም ዚማታቶም በብተራ እናኣቕረቡ ንህዝቢ ብምዝንጋዕ ዕዉት ብምግባሮም በዚ ኣጋጣሚ’ዚ ንዓታቶምን ነቶም ዘሰንይዎም ሓደ ልብና ሙዚቀኛታትን ከነምስግኖም ንፈቱ።

ኣብዚ ኣጋጣሚ’ዚ ኣብ ባሕሪ ሃገር ኢጣልያ ብዝተኸሰተ ናይ መርከብ ሓደጋ ንዝሞቱ ኤርትራዊያን መንእሰያት ክብሪ ብምሃብ ቅድሚ መደብ ምጅማሩ ንስድራ ቤት መወቲ ናይ ደበስን ጽንዓትን መልእኽቲ ብምትሕልላፍ፡ ብሽምዓ ዝተሰነየ ናይ ሕልና ጸሎት’ወን ተፈጺሙ። ሕጂ እውን ብተወሳኺ ንኹሎም ስድራቤታት መወቲ በዚ ሕማቕ ኣጋጣሚ’ዚ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ጽንዓት ይሃብኩም፡ ደበስ ኢዮብ ድም ይደብስኩም እናበል ናይ ቅንዛኦም ተኻፈልቲ ምኳና ብስም ኩሎም ኤርትራዊያን ተቅማጦ ኣትላንታን ከባቢኣን ናይ ሕዘን መልእኽትና ነመሓላልፍ። ንመወቲ ድማ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ንብል።

ዓወት ንሓፋሽ!
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና